Australian Government
Department of Immigration and Border Protection

# ዝተመዝገበ ማይግሬሽን ፈጻሚ ጉዳይ ንምጥቓም ሓበሬታ ምኽሪታት

## OMARA እንታይ እዩ?

OMARA (Office of the Migration Agents Registration Authority) ማለት ኣብ ኢሚግሬሽን መምርሒ፤ ናይ DIBP (Department of Immigration and Border Protection) ሓደ ክፍሊ እዩ። ሓደ ሰብ ብናይ ማይግሬሽን ፈጻሚ ጉዳይ ኾይኑ ንክምዝገብ ብቕዓትን ሓቐኝነት ተረጋጊጹ ዝውሰንን ብናይ ፈጻምቲ ጉዳይ ንዝቐርብ ቅሬታ/ክሲ ንክጻረይ ጠጠው ዝበለ ሕጋዊ ድርጅት OMARA ጥራይ እዩ።

## ናይ ማይግሬሽን ፈጻሚ ጉዳይ ንምምራጽ

- ማይግሬሽን ፈጻምቲ ጉዳይ ኩሎም ሓደ ዓይነት ናይ ማይግሬሽን ፈጻምቲ ጉዳይ ምዝገባ ቑፅሪ፤ ወይኻዓ MARN (*Migration Agents Registration Number*) ክምዘለዎም እዩ።
- ሓደ ሰብ ዝተመዝገብ ንምኧኑን ንናቶም MARN ንምድላይ ብናይ OMARA ዌብሳይቲ ምርኣይ ይኻኣል።
- **እቲ ሰብ ዋላ'ኳ ብናይ ማይግሬሽን ፈጻሚ ጉዳይ ዝተመዝገበ ይኹን'እምበር – ነቲ ቪዛ ትረኽብ ኢኻ ኢሉ ዘረጋግጽ ሰብ ግን ኣይሕልውን።**
- ኣውስትራሊያ ውሽጢ ብጀኻ ካብቲ መዝገባ ናጻ እንተዘይኾይንካ፤ ብናይ OMARA ዘይተመዝገበ እሞ ናይ ኢሚግሬሽን ሓበሬታ ምኽሪ ዝህብ ዝኾነ ሰብ ብዘይሕጋዊነት እዩ። ካብቲ መዝገባ ናጻ ዝኾኑ ሰባት ስም ዝርዝር ኣብ 956 ቅጥዒ ክርኸብ ይኽእል።

## ናይ ማይግሬሽን ፈጻሚ ጉዳይ ክትጥቀም እንከሎ ምኽሪን ግንዛበ

### ናትኻ ፈጻሚ ጉዳይ ክገብሮ ዝግባእ:

- ምሳኻ ንምስርሕ ድሕሪ ስምምዕነት *ንተጠቃሚይ መምርሒ* *(Consumer Guide)* ቅዳሕ ጽሑፋዊ ወረቐቲ ይውሃበካ እዩ። ከምኡ'ውን ካብ OMARA ዌብሳይቲ ቅዳሕ ምርካብ ይኻኣል።
- ቕድሚ ምኽፋልኻ ነይኑ ኣገልግሎት ክምዘኽፍል ዝገልጽ *ናይ ኣገልግሎታት ጽሑፋዊ መግለጺ (Statement of Services)* ዝብል ይውሃበካ።
- ንናትኻ ዝኾነ ዶኩመንቲ ክትሓትት እንከሎ ኣብ 7 መዓልታት ውሽጢ ይምለሰልካ እዩ።
- ብዛዕባ ማመልከቻኻ ንዘሎ ርክቢ ኹሉ ምሳኻን ምስ DIBP ምቕማጥ።

### ክትገብሮ ዘለካ:

- ንናትኻ ኦሪጅናል ዶኩመንቲታት ማለት ከም ፓስፖርቲን ናይ ልደት ምስክር ወረቐቲ ምቕማጥ። ማስቀመጥ። DIBP ዝደልዮ ዶኩመንቲት መብዛሕትኡ ብምስክር ዝተረጋገጸ ቅዳሕ ወረቐቲ ምሃብ ይኽኣል።
- ምስ ናትኻ ፈጻሚ ጉዳይ ንዝገበርካዮ መምይያጥን መምርሒ ኩሉ ብጽሑፍ ጌርካ ምርግጋጽ። ዋላ''ኧዕ ነቲ ቅጥዒ ካልእ ሰብ እንተመልኡ – ናብ DIBP ዝቐርብ መረዳእታ ምሃብ ሓልፍነት ናትኻ ይኸውን።
- በቲ ፈጻሚ ጉዳይ ዝኽፈል ውሽጢ ዝጠቓለል እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ክምዝኾነ ምፍላጥ። ንፈጻሚ ጉዳይ ዝኽፈል ማእከላይ መጠን ክፍሊት ዝርዝር ኣብ ዌብሳይቲ OMARA ምርኻብ ይኻኣል።

## ብዛዕባ ናትኻ ማይግሬሽን ፈጻሚ ጉዳይ ኣገዳሲነት

- ሓበሬታ ምኽሪ እንተደሊኻ ን OMARA ኣዘራርብ
- **ጥርዓን/ክሲ ስለዘቕረብካ ብዝብል ኣብ ናትኻ ቪዛ ማመልከቻ ጸገም ኣይፈጥርን።**
- ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት ብናይ ኢሚግሬሽን ሓገዝ ክህቡ እንተረኺቦም ነቲ መምርሒ ብስልኪ 1800 009 623 ተደዊሉ ሪፖርቲ ክግበር ኣለዎ።
- ንናትኻ ማይግሬሽን ፈጻሚ ጉዳይ ንቕድሚት ክትጥቀመሉ እንተዘይደሊኻ ኣብ ቅጥዒ 956 ንዘሎ ክፍሊታት ለ/B ከምኡ'ውን ሐ/ C ብምምላእ ን DIBP ክፈልጥ ምግባር።

## ሓደ ሰብ ከምተመዝገበ ኣብ ዌብሳይቲ www.mara.gov.au ብምርኣይ ምጽራይ።




## ንዝበለጸ መረዳእታ

Office of the Migration Agents Registration Authority:
www.mara.gov.au ወይኻዓ
ስልኪ: 1300 226 272

Department of Immigration and Border Protection:
www.border.gov.au ወይኻዓ
ስልኪ: 131 881

ብኣስተርጓማይ ጌርካ ንክተዘራርብ ንናይ ትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት (TIS) ብስልኪ 131 450 ኣዘራርብ።